# እዛ ሓሳድ ዓይኒ! ክሳብ ትነቑር፡ ደም ቅንኢ ክትዓቑር፡ ጸጽኒሓ ክትነዝዕ፡ ካን ዶ! ኮይንዋ'ዩ?

ተወልደ ብእምነት

(ቀዳማይ ክፋል)

እዚ ሓሳድ ጭፍራ፡ ቅድሚ 17 ዓመታት (ሕዳር 1998) ጽባቐ ሕብሪ ዓይኒ ኤርትራውያን ስለ ዘይተፈተዎ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ከተማታትን ከባቢታትን ኢትዮጵያ፡ ንነዊሕ ዓመታት ደኺሞም ሪሂጾም ብሕጊ ዘጥረይዎ ንብረትን ሃብትን መንዚዑ፡ ብኣጻምእ በረኻታት: እግረ-እግሮም እናሳዓበ ብቦምብን መዳፍዕን እናኾብኮበ፡ ናብ ሃገሮም ከም ዘባረሮም፡ ኣደዳ ሕሰምን መከራን ክኾኑ ፈሪድዎም። እዚ ሂትለራዊ ፋሺስታዊ ራስያ'ዚ፡ ኣብ ማህደር ልብና፡ ዘይሃሰሰ ዝኽሪን በሰላን ዝገደፈ፡ ናይ ትማሊ ታሪኽ ኢዩ። ይኹን እምበር፡ እዛ ሓሳድ ዓይኒ፡ ክሳብ ሓንሳእን ንሓዋሩን እትነቑር፡ ካብ ከም'ዚ ዓይነት ናይ ቅንእን ሕስድናን ምቑማት፡ ስራሓ ከተቋርጽ'ያ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ካልእ ይትረፍ፡ ነዚ እነስተንፍሶ ዘሎና ኣየር ጣዕመ- ሰላም፡ ምትሕቁቛፍ ብፍቕርን ስኒትን፡ ምክብባርን ምትሕልላይን ዝስዓሰሎ፡ ቅሱን ሃዋህው ንምብካል፡ ናይ ሓሶት ዘራጊቶ ከዳሩን፡ ታህዲድ ፈኸራ ክነዝሕ፡ ዓይኑ ደም ክመልእ ክነዝዕ፡ ዕረፍቲ ኣይረኸበትን።

ብልክዕ ድማ ቅንኢ ንሓሳድ ደም የንብዕ'ዩ። ሓደ ህያው ጭብጢ መበገሲ ዝኾነና ድማ፡ እዚ ጃንዳ ኣብ'ዚ ሳልስቲ'ዚ ዝፈነዎ ዕርቃኑ ዘቓልዕ ሓሶታት ከስሉኹ ኢድ ብኢድ ተታሒዙ ኣሎ። ኣብ ዝርዝር ናይ'ቲ ወረን፡ ሓቅን ሓሶትን ንምብራህ ኢለ ኣይኮንኩን ተበጊሰ። ንጹርን ትኽክለኛን መብርሂ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ተቓሊሑ ስለ ዘሎ። ብመሰረቱ እውን፡ ዘጣራጥር ዘደናግርን ትሕዝቶ ስለ ዘይነበሮ። ከመይሲ፡ ትማሊ-ትማሊ፡ ብዛዕባ እነኽብሮምን እንፈትዎምን፡ ህቡባትን ክቡራትን መራሕትና፡ ኣንጻሮም ዝቐነዐ፡ ደጋጊሙ ሕማቕ ወረ ክነዝሕ ሕንከት ብዘይብሉ ድፍረት ብዙሕ ጊዜ፡ ኣይረሳዕናዮን!!! እቲ ቃል ሓቂ ምስ ነጎደ፡ ሓሶቱ ከም ሓሙኹሽቲ ሓሪሩ በኒኑ ኸኣ። ነዚ'ውን ኣይረሳዕናዮን!!! እቲ ሕንከት ዘይስምዖ ንውርደት ከም ናእዳ ዝኅስም ጃንዳ፡ ካብ ፍሽለት ስለ ዘይመሃር፡ ሕሱር ኣመል ክሳብ መግነዝ፡ ዝብል መትከል ከም ፖሊሲ ስለ ዝረዓሞ፡ ሎሚ እውን፡ ቁሩብ ጊዜ ድኣ ወሲዱ እምበር፡ ብኻልእ መልክዕ ብፍልይ ዝበለ ቃናን፡ ናብ'ታ ትማልን ብቕድሚ ትማልን፡ ዝጥቀመላ ጽቡቕ ጌሩ ዝመልካ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን ሜልሑ ኢዩ ዝጓየ ዘሎ። ኮይኑ ኸኣ፡ ሓንቲ ብቃንዛን ፈኸራን ዝተቐርጸት። ብመልክዕ ሙዚቓዊት ድራማ ዝተኸለሰት ቴፕ ናብ ዕዳጋ ከውርድ ተገዲዱ ኣሎ።



ካብ ሂትለራዊ ፕሮፓጋንዳዊ መዛግብ ዝተቐድሐ ኣቕርቦት

ምናልባት ድሕሪ'ዚ ርእይቶ'ዚ፡ ስዒቡ ክልዓል ዝኽእል ሕቶ ክህሉ ናይ ግድን ኢዩ። ማለት፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ነዚ ጃንዳ ናብ ከም'ዚ ዓይነት ኣእምራዊ ምሽምቓቕ ዝፈጠረሉ ግድል ወይ ወቕታዊ ፍጻሜታት እንታይ ኣሎ? እንተበልና፡ እቲ ኣብ ከባቢና ዝምዕብል ዘሎ ዝተወሳሰበ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ጉዳያት ንኽንፍትሽ ኢና ንግደድ፡ ብኡ መንጽር ድማ ነቲ ዘንፈጥፍጦ ሕማም ክንርድኦ ዝቐለለ ይኸውን።

ብመጀመርታ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ምዕባሌታት፡ ብመነጸር'ቲ ጃንዳ፡ ከመይ'ዩ? ቀጺልና ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝግንፍል ዘሎ ገስጋስን ምስ ረኣና፡ ናይ ኽልቲኡ ድምር ምዕባሌታት ኣዛሚድና፡ ንኽብደትን ሚዛንን ናይ'ቲ ዘስግእ ዘሎ ሓደጋ፡ ክንርዳእ (እቲ ስግኣት በቲ ናቱ ኣጠማምታ ማለትና'ዩ) ዝቐለለ ይኸውን። ድሕሪኡ'ውን፡ ንትሕዝቶን ሙዚቃዊት መልቀስ ሆሊኮፕተር ተናኺፍና፡ ናብ መደምደምታ ንኸይድ።

## <u>ብመጀመርያ፡ ኩነታት ኤርትራ ከመይ እመስል?</u>

1. ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 16 ዓመታት፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ፡ ካብ ውሽጥን ግዳምን ዝነቐሉ ሓያለ ፈተነታት ተፈቲኑ ብዝለዓለ ነጥብታት ኣመዝጊቡ ናብ ሓደ ብሩህ መድርኽ ሓሊፉ ኣሎ፡፡ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጽኑዕ ዘይንቕነቕ ዘተኣማምን ባይታ ረጊጹ እርከብ። ህዝብን መንግስትን ብሓደ ህርመትን ትርግታን ልቢ ንቕድሚት ከንሳፍፍ፡ ተጸዋርነቱን ተዓጻጻፍነቱን ኣገናዚቡ፡ ዓቕምታቱ ኣራቢሑ፡ ኣብ ዕማማት ህንጻ ሃገር ተጸሚዱ፡ ጥዑይን ኣድማዕን፡ ምዕሩይ ንሓፋሽ ዘዕግብ፡ ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብ ዘሳትፍ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘውሕስ፡ ቑጠባዊ ባይታ ኣንጺፉ ይርከብ። ኤርትራ፡ ኣብ ጫፍ ናይ ሓደ መደያይቦ፡ ናብ ምዕቡል ማሕበረ-ቁጠባውን ፖለቲካውን ስርዓት ዘብጽሕ ርጉጽን ጥጡሕን ባይታ።

2. እዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ኣተሓሕዛ፡ ህዝባዊ ጺጋታት ዘማእከለ ገስጋስ፡ መትከል ርእስኻ ምኽኣል ዝተቐነተ ንቕሎ ከተዐውት ግን፡ መንገዱ ልሙጽ ኣይነበረን። ነዚ ጥዑይ ኣካይዳ ንምዕንቃፍ፡ ኣንጻር'ዚ ህዝብን መንግስትን፡ ዝዓጠቑ ሓይልታት ሓደ ካብ'ኣቶም፡ እዚ ሸያጥ ነብሱ ወያኔ፡ ንህዝቡ ኪሒዱ፡ ንጎረባብቱ ኣሕሊፉ ብምሃብ፡ መሳርሕን ተለኣኣኽን ናይ ግዳም ሓይልታት ኮይኑ፡ እቲ ዝወልዖ ኲናት ምስ ፈሸለ፡ ድሕሪኡ ብዘይ ዕረፍቲ ንልዕሊ 13 ዓመታት መመላእታ፡ ብቀጻሊ፡ ንኤርትራን ህዝባን ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ከነጽል፡ ከእምን ከጋግን ከደናግርን ይኽእል ኢዩ ዝገመቶም፡ ዝተተምነዩ ፈጠራዊ ክስታትን ሓሶትን ጸለመን፡ ንዘራያቱ ከቀባብል፡ ከመሓላልፍ ብምጽናሕ፡ ዝገላበጦም ፋይላት ማእለያ ኣይነበሮምን። ከም ውጺኢቱ፡ ኣብ ልዕሊ'ዛ ሃገር እገዳ ጸዲቑ። ነዚ እኪይ ዕላማ ከተግብር "ዘይስንኻ ሕጻ ቆርጥመሉ" ኾይኑ፡ ዝተሓሸሸ ሚልዮናት ዶላራት፡ ካብ ሸያጥ መሬት ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተረኽበ ኣታዊ፡ "ንኣለይቲ መርበባት ሓበሬታ"፡ ንናይ ወጻኢ ደላሎ (ኩባንያ ህዝባዊ ርክባት) "ዘይመንግስታውያን ውድባት"፡ ዘይተኣደነ ገንዘብ ኣፍሲስሉ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ "ዘንጊ ሓቅስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን" ከም ዝበሃል፡ ንሕና ኣሎና። እቲ ኩሉ ንጥፍኣትና ዝተሓንጸጸ ካርታታት፡ ብሓድነትን ጽንዓትን ኤርትራውያን ብውሽጥን ወጻእን፡ ብሃልሃልታ ፍቕሮም ካርታታት ውዲት ተቓጺሉ ሓሪሩ። ሃገር መፍቶ ደመኛታት ኣይኮነትን። ምስልና ተኾሊዑ እምበር ኣይሃሰስን። ብጠባያትናን ኣካይዳናን ናእዳን ክብርን ኣድናቖትን ድኣ እምበር፡ ዓይንኹም ተደፊኑ ዝብሉ እናወሓዱን እናሓፈሩን ይኸዱ ኣለዉ። እቲ ኣብ ዲፕሎማሲያዊን ቍጠባውን መዳይ ንኽንጸል ዝተዋሃሃደ ከበባ፡ ሎሚ እቲ መንደቕ ሃዶሽ ኢሉ ፈሪሱ፡ ሓጹር ተበንጢሱ ደንደላ ተጎንቢሱ። ሕልሚ ኮይኑ ተሪፉ። ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ሪሒሱ። ቃንዛ ጸላእቲ ድማ መዐገሲ መድሃኒት ሓሶትን ታህዲድን ኮይኑ ደቢሱ።

3. ስለ'ዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ጥዕና ምሉእ ኢዩ። ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ዘለዉ ኣሕዋት ኣህዛብን ሃገራትን፡ ካብ ዘለውዎን ዝሓልፍዎን ዘለዉ ሕልፈታት፡ ብዙሕ ዘሰክፍን ዘሻቕልን ክስተታት ዝርኣየሉ ከባቢ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ዝኸይድ ዘሎ ዕለታዊ ኣሰቃቒ ፍጻሜታት ኣቃልቦ ህዝቢ ዓለም ዝሰሓበ ክኸውን እንከሎ፣ ብተዛማዲ ኣብ ኤርትራ ግን ፡ ከም ሓንቲ ናይ ሰላም ደሴት ክትጥቀስ ዘብቅዓ ረቛሕታ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ጽቡቕ ትዕድልቲ፡ ውፉይ መሪሕነት እትውንን ሃገር፡ እቲ ጭዋ ባህሊ፡ ምክብባርን ምክእኣልን ዝሕመረቱ ብዝምድና ህዝብን መንግስትን ዝተነድቀ ሓድነት፡ ዋሕስን ዕርድን ህላውነታ ኮይኑ ኣጽሊልዋ ኣሎ። ነዚ ከም ዓረ ዝተርር ሓድነት ነቓዕ ንምፍጣርን ንምድኻምን ግን፡ በዚ ሓሳድ ጃንዳ ዝለኣኣኹ ዘይተኣደነ ንዋት ኣፍሲሱ ዝመልመሎም ናይ ከዳሚ ከደምቲ፡ ወያጡ 5ይ መስርዐኛታት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዓመታት ኣብ ሽብርተኝነታዊ ስርሓት ኣዋፊርዎም ምጽንሑ ይፍለጥ። ኮይኑ ግን ከም'ቲ እተገልጸ ንህላውነትና ኣብ'ቲ ህዝብታት ጎረባብትና ዝኣተውዎ ዓዘቕቲ ኣይኣተናን። ይኹን ድኣምበር ኣብ'ዚ ዝመጽእ ሓጺር ጊዚያት ምስ'ቲ ዝሕብሕቦም ጃንዳ ምዕራፎም ክዕጾ፡ ግብረ-ሽበራዊ ጠብሎቕሎቓት ከኽትም ምኺኑ፡ ባዕሉ ህልው ኩነታት ዝሕብሮ ቅኑዕ ትንቢት ኢዩ።

ስለዚ፡ ኣብ'ዘን ሰለስተ ሕጡባት ከፊልና ክንርእየን ዝጸናሕና ዝርዝራት፡ ንሓንጎል'ቲ ስርዓት ሓደ ካብ'ቲ ዝኸበደን ዝረዘነን ቅንኢን ነውጽን ዝፈጠረሉ ምዕባለ ኢዩ። ብድሕሪ ሕጂ፡ ብምትላል ምጥቛስን ክልውጦ ዝኽእል ኩነታት ከምዘየሎ ተነጺሩሉ'ሎ፡ ኮይኑ ኸኣ፡ ኣእምርኡ ክስሕት ግድነት ይኸውን።

### ኣስዒብና ድማ፡ ኣቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኸሰት ዘሎ ምዕባሌታት፡ ነቲ ስርዓት ዘስግኦ ዘሎ ወሸጣዊ ለውጥታት ብጽሙቕ ዝበለ ኣቀራርባ ንከታተሎ።

<u>ኩነታት ኣብ ኢትዮጵያ፡</u>

1. ንወያነ ኣመጻጽእኡን ታሪኹን ሪኢኻ፡ ሓደ ዕስለ ኣብ ገዛእ ነብሱ ዘይተኣማመን ክብረቱ ዘይሕሉ፡ ወትሩ ኣብ ናይ ካልኦት ድጋፍ ከም ቑርዲድ ደም ካልኦት እናመጸየ፡ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ከሸካዕልል መቆጻጸሪ ዝተሳእኖ ኣዕናዊ ተግባራት ክፍጽም ኮይኑ ከም ዝጸንሐ፡ ኩሎም እቶም ኣብ'ታ ሃገር ክነጥፉ ዝጸንሑ ማሕበራትን ውድባትን ውልቀ-ሰባትን ዝሰማምዕሉ ነጥቢ ኢዩ። ህዝብን ማዕከናት ዜና ዓለምን እውን ከምኡ። እዚ ጥዕና ዘይብሉ ጃንዳ፡ ንርእሱ ተዋሪዱ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ጎረባብቱን ዘዋረደን፡ ንኻልኦት ከፍቱ ክብል፡ ንኽብሪ ኢትዮጵያውያን ዘፍኮሰን ዘነወረን፡ ብገበን ዝሕተት ጋንታ ኢዩ። ንልዕሊ 23 ዓመታት ድማ በዚ ዓይነት ኣካይዳ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ጸኒሑ። ንህዝቢ'ታ ሃገር ብብሓርን ሃይማኖትን ከፋፊሉ ኣዳኺሙ ክገዝእ ዘይጻሕተሮ ጸይቂታት፡ ዘየተኣታተዎ ሕማማት የልቦን። ንሃብቲ'ታ ሃገር ዓንዲርሉ። ከም ውጺኢት ናይ'ዚ ድሑር ኣተሓሕዛ ድማ፡ ብዙሓት ዜጋታት ናይ ምንባር ዕድል ተነፊግዎም። እንተኾነ "ጭኮና ምስ ዝህሉ፡ ተቓውሞ ክግንፍል ናይ ግድነት ስለ ዝኾነ"፡ ሎሚ ከም ናይ ትማሊ ከም ድልየቱ ክጭፍልቕ ኣብ ዘይክእለሉ እዋን ተበጺሑ ኣሎ። ወያነ ከም ኩሎም ጨኮንቲ ሓይልታት፡ ነዚ ህዝባዊ ምልዕዓል ብሓይሊ ከምክኖ ምህቃን፡ ብተዛማዲ ኣንጻሩ ዝገጥሙ ተቓወምቲ ክራባሕን ክግንፍልን ከም ዝኽእል ኣይተገንዘበን። ሓንቲ ቛንቛ ጥራይ ስለ ዝፈልጥ። ምስ'ቲ ባዕሉ ብድኻሙ ዝፈጠሮ ሽግር ዝተታሓሓዘ ናይ ምልዕዓል ተቓውሞታን ምንቅስቓሳትን ክቕልቀል እንከሎ ድማ፡ ብሓይሊ ክትደቁስ ህርድግ ናይ ምባል ባህሪን መለለዪ ናይ ኩሎም ፋሺስታውያን ዝኽተልዎ ግብረ-መልሲ ኮይኑ ኸኣ፡ ሎሚ፡ ኣብ ኩለን ከተማታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ መሳጊድ፡ ኣብያተ-ክርስትያን ገዳማትን፡ መሬቶም ዝተመንዘዑ ኣህዛብ፡ ደቆም ዝተሸጦም ወለዲ ወዘተ...ብሕርቃንን ጓህን፡ ብቀጻሊ ካብ ቍጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ናዕብታት፡ ኣህዛብ ኣብ ጎደናታት ተሰሊፎም ምርኣይ ከም ንቡር ተወስዱ ኣሎ።

2 እቶም ኣብ ውትህድርናዊ ሞያ ተቖጺሮም ዝጸንሑ ኢትዮጵያውያን ዜጋታት፡ በቲ ከፋፋሊ ፖሊስን ኢ-ሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ኣመና መሪርዎም፡ ኣብ ውዑይን ዝሑልን፡ ኣብዘይ ምልከቶም ኩናት ከጥበሱ ዝጸንሑ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ከይተረፈ መዝሓል ጥይትን መጋበርያን ክኾኑ ዝተገደዱ፡ ብጉልባብ "ምዕቃብ ሰላም" ስራሕ መርሰነሪ ከተግብሩ ዝተላእኩ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ ገንዘባዊ ራስያ (ብጀነራላቱ ካብ ደሞዞም ክምንጥሉ)፡ መሪርዎም፡፡ ሎሚ ክርሕርሕዎ፡ ሰዓቱ ኣኺሉ ኣሎ። እቲ ስርዓት ኣብ መቓቕሮ ናይ ሰለስተ ነገራት ኢዩ ተዓፊኑ እስትንፋስ ሓጽሮዎ ዘሎ። እቲ ሳልሳይን ዝኸበደን ግድል ድማ፡ እዚ ተቓውሞታት ተደማሚሩ፡ ኣብ ምሕያልን ምድልዳልን ብረታዊ ዕጥቂ ዝቃወምዎ ሓርበኛታት ኢትዮጵያውያን ናብ ሓደ ዘባህርር መድርኽ ምድያቡ'ዩ። ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሰማያት እታ ሃገር፡ ሓደ ድሙቕ ጽሑፍ ናይ ተስፋ፡ ተጻሒፉ እርኢ ኣሎ። ብእንጻሩ'ቲ ድማ፡ እቲ ስርዓት ጸልማት ክንብጦን ክውሕጦ እቀራረብ ከም ዘሎ፡ ብፍርህን ራዕድን ክወርስ ግድን'ዩ። ካብኡ-ናብኡ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ሓይሊ ኣየር ናይ'ቲ ስርዓት ዝኣተወ ሕንፍሽፍሽ፡ ከም ሰዓበኑ ዝተራእዩ ምፍንጣሕ፡ ዝምዕብል ዘሎ ሓርበኛዊ መንፈስ፡ እምቢተኝነትን፡ ከከምዝጠዓመካ ነፈርቲ ኣለልዊልካ ምጽርጋፍ፡ እቲ ኩነታት ናበይ ገጹ ከም ዝዓርግ ንምግማቱ ኣየሸግርን።

3 ፖለቲካዊ ኩነታት እታ ሃገር፡ ካብ ዝኸፍኣ ናብ ዝሓመቐ የንቆልቍል ኣሎ። ዋላ በቲ "ኣታሊለ ክዕወተሉ እየ" ኢሉ ዝሓስቦ ዝነበረ ናይ መቛመሪ ሕግን ጸወታን፡ በይኑ ክዕንድረሉ ዝጸንሐ መጣሊዒ ጣውላ "ህዝባዊ ምርጫ" ኣብ'ዚ እዋን'ዚ በይኑ ክብሕቶ ከምዘይክእል ክስቖሮ ኪኢሉ ኣሎ። በቲ ባዕሉ ዘውጽኦ ናይ መጣሊዒ ሕጊ ንኽወዳደርዎ ዝተዓደሙ ዜጋታት ጸብለልታ ኣመዝጊቦም። እታ ሓሳድ ዓይኒ ግን ስዕረታ ኣይተጻውረቶን። ከም ሰዓቤኑ ኸኣ ብዙሓት ተባዓት ዜጋታት ኣደዳ ማእሰርትን መጭወይትን ዋሕስ ተሓሪምዎም ኣሎ። ኣብ ከም'ዚ ህጹጽ ሓደጋ እዋን፡ ቆላሕታ ዘድልዮ ኣውያት እስማዕ፡ ኢቓልቦ ዝገበሩ ኣካላት፡ ምስ ሽቓሎት'ቲ ጃንዳ ዝተሻቐሉ ወጻእተኛታት፡ ኣብ'ቲ ጉዳይ ከኣ ብቐረባ ኢዶም ከታኣታትዉ ዝጸንሑ፡ ሎሚ ብተዘዋዋሪ መንገዲ፡ ነቲ ዘሎ ድንግርግር ዝበለ ኩነታት ናይ'ታ ሃገር፡ ክኸሰት ዝኽእል ተባራዒ ድጉል ሓደጋ ዝሕብር ሰነዳዊ መዘክራት፡ ስምዕታን ኣቤቱታን ክዝርግሑ ይርኣዩ ኣለዉ። ምስ'ቲ ኣብ'ቲ ከባቢ (ቀርኒ) ዝጸንሐ ቅልውላዋት እውን ተወሳኺ ነዳዲ ዘኸትል ምርኢት ንኸይልወጥ የጠንቕቑ። ጃንዳ ምስ'ዚ ኹሉ ዘንጻላልዎ ዘሎ ሓደጋታት ከኣ ኩርኳሕ ፖለቲካዊ መንገዲ ብሓርጎጽጎጽ ክስጉም ከምዘይክእል ዝሕብር መርኣያ ኢዩ። ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓሳቱ እውን እንተኾነ፡ በቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ኩነታት ክጽሎን ምስኡ እተተሓሓዘ ጥዕና ዘለዎ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ክህልዎ ዘይሕሰብ ኢዩ። ወግሐ-ጸብሐ ብኣተሓሕዛ ሰብኣዊ-መሰል ክሕተትን ክዋጠርን፡ ንሱ ክሕሱን ከታልልን ካብ ሓቂ ክኸውል ህርድግ ካብ ምባል ኣይዓረፈን።

4 **እታ ዝዓበየት ሕማም ፈልጺ ኮይናቶ ዘላ ነጥቢ ግን!!** ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት በቢኩርንዑ ክቀላቀል ዝተራእየ ናይ ክልቲኡ ሃገራት ዜጋታት፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ካናዳን ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣብ ሓደ ቅርዓት ንመጀመያ ጊዜ፡ ገጽ-ንገጽ ተረኣእዮም፡ ሰላምታ ተለዋዊጦም፡ ሓበሬታ ብሓብር ሰሚዖም። እዛ ክውንነት እዚ፡ ነዚ ሓሳድ ጭፍራ፡ መሕብኢ

ኮይናቶ ዝጸንሐት ምርሕሓቅ ህዝብታት፡ እታ መዐንዘዚት ሽሕር ወየነ ከም ከም ዝተተኮሰት ፈሒኛ(ፓሎንቺና) ነፊሳ። ብልክዕ ድማ ኣብ ግንባሩ ተወቒዑ። እቲ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከም ጎረባብቲ፡ ሓባራዊ ረብሓን መኸሰብን ዘረጋግጽ፡ ተደጋጊፍካ ብሰላም ምንባር ዘለዎ ኣገዳስነት፡ ክላዘቡን ክወሓሓጡን፡ ኣብ መኣዲ ዘተ ብሓባር ምትእኽኻቦም፡ ናይ ሓባር ጸላኢኦም ፈልዮም ብምርኣይ፡ ሓቢሮም ክሰርሑን ዝምድናታቶም ከማዕብሉ ናብ ዝለዓለ ቁውም-ነገራዊ ደረጃ ክበጽሕ፡ ጻዕሪ ክግበሮ ስለ ዝዘተዩ፣ ወያነ ሸኺኹ። ብልክዕ እቲ ብሰንኪ ስርዓት ወያነ ተበኪሉ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ኣየር ብጽሩይ ኣየር ክትካእ፡ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ዝነበረ መጋረጃ ክትርባዕ፡ ነዚ ቅዱስ ኣፍ-ደገ ዘርሓዉ ሓርበኛታት መንእሰያት ኢሳት ድማ፡ ኣብ መንጎ እቲ ዝጸንሐ ጽልግልጋት ብርሃን ዝህብ መልእኽቲ **ካብ ልሳን ክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ እቲ ሓቐኛ መርገጺ፡ ኣብ ቅንዕና ዝተሰረተ እምነትን ባህግን መንግስቲ ኤርትራን ህዝባን፡ ንህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ብትብዓት ትእምርታዊ ብልጭታ ምፍናዎም (ምትሕልላፎም) ክምስገኑ ይግባእ።** ጸላእቲ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ዝኾኑ ሓይልታት ድማ፡ ከም ኣብ ርእሱ እተወቕዐ ተመን ኣብ መሬት ዝገላበጥን ዝስሓግን፡ ወያነ ከም ሕሱም ክፈሓስ፡ ሓፍ-ፈጥቅ ክብል፣ ሰዓብቱ ከዕበድብዱ፡ እቲ ጥዑም ወረ ንህዝቢ፡ ንዓታቶም ዕረ ክጥዕሞም ግድን ኮይኑ። ነቲ ጣዕመ ዜና ድማ ክምርዝዎ  ቃላቶም ሰሚዕና ጽሕፋቶም ኣምቢብና።

5. ወያነን ተሓባበርቱን፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን፡ ዝፈነውዎ ኩናት ምስ ፈሸለ ዝተኸተልዎ ተጻብኦታት፡ ብፍላይ ድሕሪ ምሕንጻጽ ዶብ፡ ነቲ ብሹናት ከረጋግጽዎ ዘይከኣሉ ምኹላፍ ናጽነት፡ ብድሕሪኡ ዝኸፈትዎ ስነ-ኣእምራዊ ኩናት፡ መንእሰያት ብምስዳዕ፡ ነቲ ኣፍራዪ ሓይሊን ዓንዲ ሕቆ ሃገር፡ ዓዲ ውዒል ምግባር ኢዩ ኔሩ እቲ ዳግማይ ኩናት። ኣብ ወጻኢ ካብ’ቶም ብወረቐት መንነት ኤርትራውያን ዝንቀሳቐሱ ተጋሩን ሓደ-ሓደ ብኸብዶም ዝተሸጡ ከዳዓትን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ካብ ኤምባሲታት ወያነ ዝነጥፉን ዝዋፈሩን በጋሚዶታት፡ ናይ ጸይቂ ስርሓት ፈተነታት ኣካይዱ። ዓሚ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2014. ካብ ወጻኢ ጉዳይ እቲ ስርዓት ዝተላእከ “ጥብቂ ብምስጢር” ዝብል መዘክር፡ ናብ ኩለን ኤምባሲታቱ  ብምልኣኽ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብቕጥፈት ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ከይለዓል ኣጥቢቖም ክከላኸሉ፡ ወከልቱ ከማልእዎ ዘለዎም  ቅድመ-ተኸተልን ኣገባባት፡ ዝሕብርን ዝመርሕን ሜላታት ዝሓቖፈ ሰርኩላር ተበቲኑ። ኮይኑ ግን መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ ምስጢራዊ ሰነድ ኣቕዲሙ ረኺቡ ምስ ኣቃልዖን ኣፍሸሎን፡ እቲ ጃንዳ ሕፍረት ዓሚኹ ተሪፉ። ነቶም ኣብ መቀለ፡ ጎንደር፡ ብሽፍቱን ኣዋሳን ኣዲስ ኣበባን ብነፈርቲ እናመላለሰ፡ ምሳሕ ድራር ጋቢዙን ኣብሊዑን ኣስትዩን፡ ኣንጻር ሃገሮም ከዕጥቖም ንዓመታት ዝጸዓረሎም፡ መትሓዚ ዘይብሎም ጉጅለታት፡ ከም ነቕዝ፡ ዝበልዑ በሊዖም ነናብ መዛግቦም ከም ዝተዕዝሩ ክስቖሮ ከም ዝጀመረ፡ ሓደ-ሓደ ምልክታት ተራእዩ ኣሎ። ሎሚ ከም’ቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ፡ ኤርትራ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ክትንጸል ዘይኮነስ፡ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ግቡእ ቦታኣን ሃናጺ ተራን ክትጻወት ሃገር ባህሊ ምዃና ዳግም ኣመስኪራ። ብኣንጻሩ ወያነ ፈሺሉ። ዶብና ብደምና ኣውሒስና፡ ብሕጊ መጉትና ረቲዕና፡ እቲ ንኸይንግስግስ ንመስናኽል ዝተጻወደ ውሳነ እገዳ፡ ምስ ኣስከሬን ሃንዳሲኡን ኣብ መቓብር ኣትዩም። ነዚ ሕጂ ሸበድበድ ዝበሃለሉ ዘሎ፡ ጉዳይ ሰብኣዊ ፍልሰት እውን እንተኾነ፡ ብመዓልቱ፡ ተመሳሳሊ ዕጫ ከጋጥሞ ምኳኑ ኣየማትእን።

እዚ ኣብ ራብዓይ (4ይ) ሕጡብ ሰፊሩ ዘሎ ነጥብታት፡ ክጠቕስ ዝደለኹ ምኽንያት፡ እቲ ንኤርትራን ህዝባን ንምብትታን ዝተሳእለ ውጥን ምግልባጥ መንግስቲ፡ ስርዓት ወያነ ብቐረባ ከተግብሮ፡ ካብ ዝተዋህቦ ስራሕ ገዛ ስለ ዝነበረ፡ ኮይኑ ድማ፡ ተልእኹኡ ስለዘይወቕዐ፡ ከም ክሳራ ናይ ወያነ ተወሲዱ፡ ኣብ ውሽጢ ስርዓቱን ምስ መሻርኽቱን ክቕልቀል ዝኽእል ናይ ተሰማዕነት ሚዛንን ክንቕልቑን፡ ከም ውጺኢቱ ናቱ፡ ነዚ እንዕዘቦ ዘሎና ጭንቀት ከማዕብን ዓቀን ረስኒ’ቲ ስርዓት ክልዕል ናይ ግድነት ይኸውን።

ኣብ ኢትዮጵያ ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት እምበኣር ከም’ዚ ክንርእዮ ዝጸናሕና ኮይኑ፡ ብድምር ምስ’ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምዕባሌታት ኣዋሃሂድና ምስ ፈተሽና፡ ዝገታተር ዘሎ ገዚፍ ለውጢ ከረጋግጽ ዝኽእል ምዕባለ፡ ነቲ ስርዓት ከም መልኣከ ሞት ኮይኑ ክርኣዮ፡ ከም ሳዕቤን ናቱ፡ እቲ ጃንዳ፡ ህላውነቱ ከናውሕ፡ ካብ’ታ ኮረሻ ስልጣን ከይድንከል፡ ነቶም ስዓብቱ መጻንሕን መበራትዕን ዝኾኖ ናይ ሓሶት ፈውሲ ከውሕጥ፣ ነቶም ደለይቲ ሰላምን ለውጥን ድማ፡ መራዚ ፕርፓጋንዳዊ ጎስጓሳት ከሰላስል ዝተገደደሉ ሰዓት ኢና ኣቲና ዘለና። ካብ’ዚ ቀጺልና ናብ’ቲ  መልእኽትን ትሕዝቶን ናይ’ቲ በቲንዎ ዘሎ ናይ መልቀስ ቴፕ፡ ኣብ ካላኣይ ክፋል ናይ’ዚ ጽሑፍ ክንቅጽሎ ኢና። ኣብ ዝመጽእ ሰሙን የራኽበና።

ዓወት ንሓፋሽ!!